# <u>ዳዊት ሃብተሚካኤል፡ ኣርኣያ ጋዜጠኛታት ኤርትራ፡</u>

ሂወት ኣዝያ ሓጻርን ዝተሓላለኸትን እያ። ወዲ ሰብ ድማ ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ብኹሉ መዳዩ ንሂወቱ ተዘይከሲቡሉ ጽባሕ ንግሆ ዕድመ ምስ ከደ፡ ናይ ምግባር ዓቅሚ ምስቀነሰ፡ ንክትነብር ኣዝዩ ከቢድን፡ እቲ ሰብ ዝበጽሖ ክትበጽሕ'ውን ምናልባት ኣብዘይተኽእለሉ ደረጃ ምብጻሕን ዘይተርፍ እዩ። ብዛዕባ መንእሰይ ብዙሕ ክብሃል እኳ ዝክኣል እንተኾነ ብሕጽር ዝበለ ግን 'መንእሰይ ማለት ሓይሊ ማለት እዩ። ከመይሲ ንሓንቲ ስድራ፡ ኣቦ ተደኺመ እቲ መንእሰይ ውላዱ ሓይሊ ይኾኖ። ብተመሳሳሊ ኣብ ሓንቲ ሃገር'ውን ህላዊኣን ምዕባሊኣን ኣብመንእሰይ ዝተሙርኮሰ'ዩ። ንሎሚ  እምባአር ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ፡ ብዘይ ኣገባብን ብዘይ ሓንቲ ገበን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተሓይሩ ዝማስን ዘሎ፡ ኣብ 1997 ካብ አስመራ ዩኒቨርሲቲ ብፊዚክስ ዝተመረቐ፡ ኣብ ጋዜጣ መቃልሕ'ውን ሐደ ካብቶም ነታ ጋዜጣ ኣብ ትሕዝቶኣ ይኹን ንህዝቢ ኤርትራ መሰሉን ትርጉም ናጻ ፕረስ ኣብ ነብሲ ወከፍ ዜጋ ንኽሰርጽን ኣብ ምግባርን መሪሕ ተራ ዝነበሮ ጋዜጠኛን መምህርን ዳዊት ሃብተሚካኤል /ወዲ ምመህር/ ሒዝናልኩም ቀሪብና አሎና።

ዳዊት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤትምህርቲ ናይ ቀደም ሳንታ ኣና ናይ ሎሚ ሰማዕታት ናይ ካልአይ ደረጃ ቤት ትምህርቱ ዛዚሙ። ዳዊት፡ ኣብ ትምህርቲ ኣዝዩ በሊሕን ሓያልን እዩ ኔሩ። ዳዊት ቤት ትምህርቲ ሰማዕታት ካብ ዘፍረየቶም ተስፋ ህዝቦምን ሃገሮምን  ዝኾኑ ተመሃሮ ሓደ እዩ ኔሩ። ትኩርን፡ ብሰባት ተፈታውን ምንባሩ ድማ መማህርቱ መሳርሕቱ ተማሃርኡን ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ።

ዳዊት ሃብተሚካኤል ከም ኩሉ መንእሰይ ኤርትራ፡ ተማሂሩ ነቶም ኣምሂሮምን ሓብሒቦምን ኣብዚ ዘብጽሕዎ ሃገርን ህዝብን፡ ከገልግልን ከማዕብልን ዓቕሙ ዘፍቅዶ ዝገበረ መንእሰይ አዩ።  ካብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ድሕሪ ምምራቑ፡ ብሞያ ምምህርና  ኣብ ቤት ምህርቲ  ካልኣይ ደረጃ ኣስመራ ሓፈሻዊ ከገልግል ጀሚሩ። ጻዕሪ  ሓቦ ቅዱስ ሕልናን እዚ መንእሰይ አጉሊሑ ዘርእይ ፍጻመ ሞያ ምምህርና አድካምን ቀሊልን እኳ እንተዘይኮነ፡ ዳዊት ብዝነበሮ ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን  ነዚ ሰጊሩ፡ ህዝቢ ዘለዎ መሰል ሐበሬታ ክዉን ንኽገብር ምስቶም ቅኑዕ ሕልናን ብሩህ ራእይን ዝነበሮም አብ ጋዜጠታት ብሕቲ ዝነጥፉ ዝነበሩ ብጾቱ ከይተሐለለ ብሉዑል ተወፋይነት ዝሰርሓ ምምህረን  ጋዜጠኛን  ኔሩ።

ዳዊት ምስ መሳርሕቱ፡ ኣብታ ኣብ ከባቢ ኣስመራ መሐንበሲ፡ ዝነበረት ቤት ጽሕፈቶም፡ ምሉእ ለይቲ ንስለ ሓቅን ፍትሕን፡ ነቲ ኣዝዮም ዝበሃግዎ ግብራዊ፡ ናጽነት ንምርግጋጽ ጋዜጣ መቓልሕ ናብ ኢድ ኣንበብቲ ከትበጽሓ ናይ ድቃስ ግዚኦም ሰዊኦም ክሰርሑ ክትርእዩ ነቲ ሕጂ ኣብ ቻርተራት ህዝባዊ ግንባር ሰፊሩ ዘሎ ራእይ ከተግብሩ ብቕንዕናን ብዘይተጉላባነትን ከምዝሰርሑሉ ካልእ መርትዖ ኣየድልየካን። ዳዊት ኣብ ጋዜጣ መቓልሕ፡ ኣብ ምጽሓፍ ርእሰ ኣንቀጽን፡ ሓጽርቲ ልብ-ወለድን'ውን፡ ንኣንበብቲ ዝመሰጡን፡ ዝኸሮም ዘይሃስስን ተዘክሮ ገዲፉ እዩ።

ዳዊት እምብኣር ምስ ሳዕለዎት ሓልፍትን ሚኒስተራትን ንዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ እዝስ ነዚ መንግስቲ የውቅሶ እዩ ወይውን እዚ ተጺሒፈስ ክኣስሩኒ እዮም ከይበለ፡ ንሓቂ ከም ወርቂ ትሕዝቶኣ ከየጉደለ ናብ እዝኒ ሓፋሽ ከም ትበጽሕ ዝገበረ፡ ብዛዕባ ነብሱ ከይሓሰበ፡ ከመይ ኢሉ ኣብ ኤርትራ መሰል ናጻ ፕረስ ይሕለውን፡ ከመይ ኢሉ ህዝቢ ቅኑዕ ሐበሬታ ክረክብ ብዘይምስልካይ ዝሰርሐ ጋዜጠኛ እዩ።

ዳዊትን ብጾቱን ግን እዚ ቅዱስ ዕላማ ከንዲዝግበሩ ንሕና ህዝቢ ክንስዕቦም ብሓቂ ግዜ ወሲዱልና እዩ። ኣብ ሐደ ኣጋጣሚ ዳዊት ነዚ ብምስትብሃል ይኸውን "ኣነ ዝገርመንስ፡ ኣብዛ ኤርትራ በይንና ዲና ዘለና ወይድማ እዚ ብዓይንና ንርእዮ ዘለና ህዝቢ ኤርትራዊ እዩ? ኩነታት እዛ ሃገር ከምዛ ትርእይዋ እያ፡ ናበይ ገጻ ትኸይድ ከምዘላ'ውን ዝጠፍኦ ሰብ ኣሎ ኣይብልን እየ፡ ነቶም ነዚ ንምፍላጥ ዝሸገሮም ድማ፡ ካብቲ ተጻሒፉ ዘሎ ኣንቢብካ ምርዳእ እንታይ ይጽግሞ በጃኻትኩም?" ክብል ዝተዛረቦ ዘረባ፡ ምልስ ኢልካ ክትሓስቦ ከለኹ ማዕረ ክንደይ ንቑሕ ከምዝነበረ ኩልና ንርድኦ ንኽእል። እወ! ነዚ ሕጂ ነሕልፎ ዘለና ኣደራዕን ሕሰምን፡ ተጋሂሱ፡ ምግሃስ መሰልን ኣበይ ኣሎ ወድኻ? ኣበይ ኣላ ጓልካ እናተባህለ ዝግበር ምእሳርን ከይመጸ እንከሎ ዳዊትን ብጾቱን ንኸይመጽእ ጽዒቶም ብስሪ እዚ ድማ ኣብ ደልሃመት ሰፊሮም ኣለዉ።

መንግስቲ ነቲ ብዳዊትን ብጾቱን ዝቃላሕ ዝነበረ ሓቂ ገና ሱር ከይሰደደ ከሎን፡ ህዝቢ ጉድ መንግስቲ ከይፈለጠ ከሎ ስጉምቲ ንምውሳድ'ዩ ተሻባሺቡ። ነቲ "ናጻ ፕረስ እንተዘይኣጥፊእካዮ፡ ከጥፍኣካዩ" ዝብል ፍርሆም'ውን ህግደፋውያን ብቕሉዕ ክሰርሕሉ ጀሚሮም። ህዝቢ በቲ ሽው ዝነበረ መንግስቲ ተታሊሉ፡ ነዞም ንጹሃት ዜጋታት እዚኦም ንበላዕቲ ሰብ የሕሊፉ ሂብዎም። እቲ ብዓበይቲ ሰበ ስልጣን

ዝጀመረ ሃድን ነቶም ኣብ ሸዊት ዕድመ ዝርከቡ ጋዜጠኛታት'ውን ኣይንሓፎምን፡ በብሓደ ድማ ከካብ ዘለውዎ ተሃዲኖም። ገለን ካብ ገዝኡ፡ ገለን ካብ ስርሑ ፡ ገለን'ውን ምስ የዕሩኽቱ እንዳዕለለ ከሎ ሓደጋ ወዲቅዎም።

ድሕሪ ምእሳር ብጾቱ ዳዊት ንኽወጽእ ካብ ኤርትራ እኹል ግዜ ኔርዎ እዩ። ክገብሮ ግን ኣይለየን። ምኽንያቱ ንሱ ዘይከምቶም ሕጂ ደሃዩ ሸሪቦም ዘለዉ ዓመጽቲ ሕልንኡ ንጹህ ተግባሩ ድማ ንሃገርን ህዝብን ዘርብሕ ሞጎስ እምበር ማእሰርትስ ይትረፍ ወቐሳውን ኣይምተገብአን ግን ክአ ብሓቂ መንነትን እንታይነተን ህግደፍ ሎሚ ተነጺሩ ኣሎ።

"ትማል፡ ትማል ስምዑና፡ እዚ እዩ እቲ ሓቂ፡ ርኣዩና ንብል ኔርናስ ሕጂ ሕብኡና ክንብል ብፍጹም ዘውሓጥ ነገር ኣይኮነን፡ ኣነ ካብቶም ቅድመይ ተኣሲሮም ኣይበልጽን እየ፡ ብጀካ ሓቂ ድማ ዝበልክዎ የብለይን" ክብል ከምዝገለጸ ብቀረባ ዝፈልጥዎ የዕሩኽቱ ሕጂ ብምስትንታን ይዝክሩ።

ሓሙስ ዕለት 27 መስከረም፡ ዳዊት ከም ሓደ ዓቢ ገበነኛ ብጸቢብ ይከታተልዎን ይደልይዎን እኳ እንተነበሩ፡ ብኣንጻሩ ግን ንሱ ምንም ኣይመሰሎን። ሓሙስ ከምዘዓርብ የለን ኣንቆለቁላ ከደት። እታ ተካሊተ ዓርቢ'ውን ንሓሙስ የዕሪባ ደበኽ በለት። ኣብዛ መዓልቲ እዚአ ድማ ካብቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ቤትምህርቲ ሓፈሻዊ ሃለዋቱ ጠፊኡ ኣሎ።

እምብኣር፡ ዳዊት እነሆ ካብዝዝጠፍእ ድሮ ሓሙሽተ ዓመት ኮይኑ ኣሎ።
ንሕና ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሓንቲ ካልኢት'ውን ትኹን ህድእ ኢልካ ነስተንትንን፡ ህድእ ኢልናውን ንሕሰብ፡ እዞም ሰባት እዚኦም እንታይ እዩ ኣበሳኦም? እንታይ ስለዝኣበሱ እዮም'ከ እዚ ተፈድዮም? ነዚ ሕቶ እዚ ኩልና ህዝቢ ክንሓቶን ሎሚ ክንምልሶን ይግባእ።
ኣብቲ ግዜ እቲ ብዙሕ ህዝቢ ብሰንኪ ዋሕዲ ሐበሬታ፡ ንዳዊትን ብጾቱን ከም ገበነኛታት ቆጺሩ ተዳናጊሩ እዩ። ሎሚ እቲ ሓቂ በርሃውኢሉ ኣሎ ሐሙሽተ ዓመት ብዘይፍረድን ርትዕን ሃለዋቶም ጠፊኡ ኣሎ። እዚ ንባዕሉ ድማ ዓቢ ንንጽህነኦም ዓቢ መርትዖ እዩ። ነቲ ሓቂ ከይንርእይ ዓይንና ጋሪዱና ዘሎ ጸሊም ጨርቂ፡ ኣሊና ምስዞም ሕጊ ይከብር ዝበሉ ካልእ ገበን ዘይብሎም የሕዋትና ደው

ክንብል ነቲ ወግሓ ጸብሐ ዝኩሕኳሓና ሕልና”ና እንሰምዓሉ ግዜ እዋን ሕጂ እዩ። ሕልና’ና ንመርምር። ዳዊት ንገሌና መተዓብይትናን ዓርክናን፡ ንገሌኸን ወድኸን ንገሌኹም’ውን ሓውኹምን ወድኹምን እዩ፡ ነዚ ሓቂ እዚ ኀሲና ክንከይድ እንተ ድኣ መሪጽና ድማ፡ ሓደ ዳዊት ዘይኮነስ፡ ኣሽሓት ዳዊት ክንከፍል ምኻና ክንርስዖ ኣይግብኣናን።